“ሓድሽ ኮሚኒቲ!” ፡
“ዘይፖለቲካዊ ኮሚኒቲ!”
ኣብ ሳንታ ክላራ ካውንቲ ?

ኮሚኒቲ ኮሚኒቲ ፡ ድብያ ብለይቲ
ሰብ ጥፍሽና ብሓደ ነደይቲ
ሰብ ዋዕላ ኣዲስ ኣበባ ተጓጀምቲ
ዋርድያታት ባረንቱ መቓብር ፈሓርቲ

ግርምባ ኮሚኒቲ ፡ ተጻረርቲ
“ ናይ ለውጢ ሓዋርያት ” ተላኣኽቲ
ናይ ኣመሪካ ፖሊሲ ኣተግበርቲ
ናይ ፍሬዘር ፡ ያማሞቶ ፡ ሱዛን ራይስ ኣሳሰይቲ

ናይ ሰዓት ክልተ ፖለቲከኛታት መራጎድቲ
እንዳ ሓዘን መርዓ ኣንቃሕቲ
እንዳ ቡን እንዳ ባር ወደብቲ
ኣብ መርበብ ብዙሓን ተዓጠቕቲ

ሕድሪ ስውኣትና መራኽስቲ
ናይ ኩሊት ጸገም መዝመዝቲ
ብድሕረይ ሳዕሪ ኣይብቆላ ጠረርቲ
ጊልያታት ወያነ መድሓርሓርቲ

ናይ ለካቲት ሰላማዊ ሰልፊና ተቓወምቲ
ናይ ኣመሪካ እገዳ ደገፍቲ
ጎሮሮ ህዝብና ከተርቲ
ጓኩቶ መትከል ኣልቦ ዘረግቲ

ትሕተ ሃገራውያን ደንደንቲ
ብዘይካና የለን በሃልቲ
ግለት ናይ ታሪኽና መዳኽርቲ
ኣብዘይኣመንካሉ ባንዴራ ተበለጽቲ

መአከቢ ደምበ ናይ ተማቲ
ኩርዃዕ ጸረ ሃገራውያን ኮረይቲ
ግቡእ ዘይወፈዩ መጽለልቲ
ቅልውላው መንነት መፋግእቲ

ኣብ በዓል ህዝቢ ሰበኽቲ
ቅኑዕ ዛዕባ ረገጽቲ
ሓንሳብ ንመናእሰይ ተጎዝጎዝቲ
ሓንሳብ ጼንጤ ቆስጤ ጠናነግቲ

ጥልቁያት ዓዲምካ ተጻረርቲ
መናእሰይ ኤርትራ ኣስገርቲ
ጸሊም ዕዳጋ ኣውፈርቲ
ንመን ንምዕሻው'ዩ "ዘይፖለቲካዊ ኮሚኒቲ"?

ኣባላት መዝሚዝካ ክሬዲት ወነንቲ
ዋርሳይ ተጎልቢብካ ሽመልባ ወረድቲ
ቻሊባውያን ኣኪብካ ሃገር ሸየጥቲ
" ዘይፖለቲካዊ " ትብል ክትብትን ምእንቲ

በዓል መን ኢዮም ሽልቶ መራሕቲ
በዓል መን ከ ሪሞርኪዮ ተጎተ'ቲ
በዓል መን ኢዮም ዘወርቲ
በዓል መን ከ ኣውታንቲ

መን'ዮም ፎቶሪኖ ገንዘብ ተቐበልቲ
በዓል መን ከ ኣዋህለልቲ
በዓል መን'ዮም ፈተሽቲ
በዓል መን ከ ወነንቲ ?

ክንደይ ርኢና ኣለይቲ
ኣብ እንዳ ፒሳ ኣከብቲ
መልእኽተ ወይን ፈከርቲ
ኣበይ ንምብጻሕ'ዩ 'ቲ ትዕቅይቲ

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና !
ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ !

*ኣማኑኤል ተስፋማርያም*
*ካብ "ፖለቲካዊ ኮሚኒቲ"*